# ውላድካ ምርመራ ሊድ የድልዮ ድዩ?

**ውላድካ . . .**

| እወ | ኣይፋል | |
|---|---|---|
| ◯ | ◯ | ኣብ ቅድሚ 1978 ዝተሃነጸ ገዛ ይነብር ወይ ብቐጻሊ ይኸይድ ነይሩ ድዩ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ቀረባ እዋን ጽገና ዝተገብረሉ እንተኾይኑ? |
| ◯ | ◯ | ልዑል መጠን ሊድ ኣብ ደም ዘለዎ ሓው/ሓፍቲ ወይ ዓርኪ ኣለዎ ድዩ? |
| ◯ | ◯ | ኣብ ስርሖም ወይ ኣብ መዘናግዒኦም ምስ ሊድ ዝሰርሕ ወላዲ ወይ ኣላዩ ኣለዎም ድዩ? |
| ◯ | ◯ | ካብ ኣሜሪካ ወጻኢ ካብ እትርከብ ሃገር ዝመጹ ድዮም? |
| ◯ | ◯ | ባህላዊ መድሃኒታት ወይ መመላኽዒታት ከም ግሬታ፣ ኣዛርኮን፣ ወይ ኮህል ይጥቀሙ ድዮም? |
| ◯ | ◯ | ናይ Apple Health/Medicaid ኣለዎም ድዩ? |

ካብዞም ሕቶታት **እወ** ኢልካ እንተመሊስካ ወይ ውላድካ ምስ ሊድ ርክብ ነይርዎ ኢልካ እንተሓሲብካ፣ **ውላድካ ምርመራ ሊድ ኣብ ደም የድልዮ እዩ።**

ነታ ኣብ ታሕቲ ዘላ ካርድ ቀዲድካ ኣብ ዝቕጽል ናይ ጥዑይ ቆልዓ ቆጸራኻ ነቲ ናይ ውላድካ ሓኪም ሃቦ። ውላድካ ናይ Apple Health መድሕን እንተሃልይዎ፣ ዋላ ንኻልእ ሕቶታት **ኣይፋል** ኢልካ እንተመለስካ፣ ነቶም ካብ ክፍሊት ነጻ ዝኾኑ ምርመራ ተጠቐመሎም።

## My child needs a blood lead test.

Provider: A lead risk factor questionnaire identified this child as having one or more risk factors for lead exposure.

Federal law mandates that all children enrolled in Medicaid are required to get blood lead tests at ages 12 and 24 months.

For more information, **visit doh.wa.gov/lead**.

## ኣብ ህጻናት ጠንቂ ምምራዝ ሊድ እንታይ እዩ?

እቲ ቐንዲ ልሙድ መንገዲ ሊድ ናብ ውላድካ ክኣቱ ዝኽእለሉ ካብ ኣብ ዝኣረጉ ገዛውቲ ካብ ዝርከብ ቀለም እዩ። ቀለም ምስ ዝቕንጠጥ ወይ ሓመድ ምስ ዝኸውን ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል እዩ። ናይ ሊድ ሓመድ ብህጻናት ክትንፈስ ወይ ክወሓጥ ይኽእል እዩ። ዝኾነ ሓመድ ንምውጋድ ናይ ህጻናት ኣእዳዉን መጻወቲታትን ብዙሕ ግዜ ሕጸቦ።

## ኣብ ከባቢ ገዛ ዝርከቡ ሊድ ክህልዎም ዝኽእሉ ነገራት፦

- ዝኣረገ ናይ ቀለም ቕንጣጣትን ሓመድን
- ብኢድ ዝተሰረሐ ካይላ
- ሓመድን ርስሓትን
- ካብ ወጻኢ ዝኣቱ ቅመማት
- ናይ ህጻናት መጻወቲታትን መጋየጺ ዙሃራትን
- ማይ

## ንምንታይ እዩ ውላድካ ምርመራ ሊድ ክግበረሉ ዘለዎ?

ሊድ ናብ ውላድካ እንተኣትዩ፣ ናይ ሓንጎልን ኮላሊትን ጉድኣት ከስዕብ ይኽእል እዩ፣ ከምኡውን ንኽመሃሩ፣ አቓልቦ ክህቡ፣ እሩም ጠባይ ክርእዩ ከጸግሞ ይኽእል። ዋላ ዉሑድ መጠን ሊድ ንውላድካ ክጎድኦ ይኽእል እዩ፣ ስለዚ ውላድካ ክምርመር አለዎ ዶ የብሉን ምፍላጥ አገዳሲ እዩ።

## ምልክታት ሕማም ናይ ምምራዝ ብሊድ እንታይ እዮም?

መብዛሕትኦም ብሊድ ዝተመረዙ ህጻናት ዝሓመሙ አይመስሉን እዮም። ውላድካ ንሊድ ተቓሊዑ ምኺኑ ንምፍላጥ ምርመራ ደም ጥራይ እዩ ገላጺ ኮይኑ ክርከብ ዝኽእል።

## ውላድካ ናይ ሊድ ምምራዝ ምስ ዝህልዎ እንታይ የጋጥም?

እቲ Department of Health (ክፍሊ ጥዕና) ወይ አብ ከባቢኻ ዝርከብ ስልጣን ጥዕና ነቲ ምንጪ ሊድ ንምርካብን ነቲ ምንጪ ናይ ሊድ ምጥፋእን ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። ስድራቤትካ ንጥዕና ውላድካ ንምድጋፍ፣ ምስ ከም አመጋግባ ዝአመሰሉ ኣገልጉሎታት፣ ምስ ምንጭታት እውን ክተኣሳሰሩ ይኽእሉ እዮም።

## ናይ ቁልዕነት ምምራዝ ብሊድ ንናይ ምግታእ ፕሮግራም

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ሊድን ኣብ ከባቢኹም ንዘሎ ሓደጋ ሊድ ንምርኣይን፣ ናብ **doh.wa.gov/lead** ኺዱ ወይ ብ 1-800-909-9898 ይደውሉ።

Washington State Department of Health

**DOH 334-141 December 2022 Tigrinya**

ነዚ ሰነድ'ዚ ብኻልእ መልክዕ ክውሃበካ ንምጥላብ ናብ 1-800-525-0127 ደውል። ጽሙማን ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለኩም ዓማዊል፣ ብኽብረትኩም ናብ 711 ደውሉ (Washington Relay) ወይ ናብ civil.rights@doh.wa.gov ኢመይል ስደዱ።